ምርዳኡ፡ ጥቕሙን ቁምነገሩን ቃላዊ ምጽራይ ዘይኮነስ ዓሌትካን ትውልድኻን ናይ ምርግጋጽን ምፍላጥን ጉዳይ ኢዩ።

2. "ሠለስተ ኢሮብ" ዝብል መጸውዒ።

"ሠለስተ ኢሮብ" ዝብል መጸውዒ ስም፡ ቀደም ናይ ዘርኢ ሠለስቲኦም ደቂ ወረደምሕረት፡ ማለት ሀ/ ሰንበታይ፣ ለ/ሙመ፣ ሐ/ሓነከ ኢዩ ዝነበረ። ብዙ መሠረት'ዙይ እውን ጣልያን ንኤርትራ ቅድሚ ምሓዙ፡ ዘርኢ ናይ ሠለስቲኦም ኣጎዋት ጭልቁጡም (ዛላምበሳ) ኣብ እትበሃል ንኩሎም እተማእኸል ቦታ ኃቢሮም "ናይ ሠለስተ ኢሮብ" ዝተብሃለ ናይ ዓሌት ኣኸባ ("ውዕሎ") የካይዱ ከምዝነበሩ ይፍለጥ ኢዩ። ብሓደ ተራኺቦም ብዛዕባ ናይ ዓለቶም መጠረፊ፡ ብዛዕባ መመሓዳደሪኦም "ናይ ሠለስተ ኢሮብ" ሕግን ሥርዓትን ይዛተዩን ይውስኑን ነበሩ። ብ፲፰፻፹፪ ዓ.ም. ኤርትራ ኣብ ቍጽጽር ጣልያን ኣተወት[34]፣ "ዘርኢ ኢሮብ እንካብኡ ከይዶም ምስ ኢትዮጵያውያን ወገናቶም ይመኽሩ ኣለዉ" ዝብል ሓበሬታ ምስ ሃቡዋቶ፡ ንደቂ ሰንበታይ ምስ'ቶም ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ኣጎዋቶም ኣብ ውዕሎ ከይራኸቡ ኽልከሉም። ብዙ ምኽንያት'ዙይ ርክቦምን ውዕሎኦምን ክቋረጽ ከኣለ። ምእንት'ዙይ "ሠለስተ ኢሮብ" ዝብል መጸውዒ ስም ጸቢቡ ሎሚ ተናገርቲ ቋንቋ ሳሆ ናብ ዝነብርሉ ከባቢ ተደሪቱ፡ ንሠለስተ ኣጎዋት ዘርኢ-ሙመ፡ ማለት ኣድጋዳ-ቡክናይታ-ሓሳባላ (ማለት፡- ኣልገዳ፡ ቡኽነይቶ፡ ሓሰበላ) ዘሰምዕ ኮይኑ ተረፈ። ብከምዙይ ተደሪቱን ጸቢቡን ዝተረፈ ከዓ መሠረት ትውልዶም ዝተፈላለየ ኮይኑ ኣይኮነን፤ መሠረት ትውልዶም ሓደ እንከሎ፡ ብምክንያት ቦታዊ ኣቀማምጣኦም በብስሞም "እዳ"፡ "እዳ"፡ እናተብሃለ ምስ ናይ ውሱን ከባቢ ወለዶኦም መሥመር ብምትሕሓዝ ኢዩ። ራብዓይ ሓዎም ትእዛዝ ግን ትግርኛ ዝዛረብ ስለዝነበረ "ሠለስተ ኢሮብ" ኣብ ዝብል ቍጽሪ ከይኣተወ ተረፈ። ኣብ ላዕሊ ከምዝተሓበረ፡ ትእዛዝ ንሸውዓተ ገናሕትን ቅናፍናን - እምባ-ካታይ (ሃዘሞ) ዘለዉ ሠለስተ ዓሌት ኣውዓላ፡ ቆራይ፡ ኤልሳዕ፡ ዝበሃሉን ፈረየ።

---

[34] ታሪክ ኢትዮጵያ፡ምስ ሕጽር ዝበለ ዛንታ ዓለም፡ ገጽ ፻፹ ርኣ።

ለ/ ቋንቋ ኢሮብ

"ኢሮብ" መግለፂ መንነትን መጸውዕን ስም ናይ ዘርኢ ወረደምሕረት እንክኸውን፣ ናይ ሎሚ ቋንቋኣም ከዓ ከም ኣብ ከባቢኣም ዝርከቡ ገዓሶ፡ ሓዞ፡ ደብሪመላ፡ "ሳሆኛ" ኢዩ። ሳሆኛ-ኢሮብ ካብ ካልእ ቋንቋ-ሳሆ ፍልይ ዝበለ ኢዩ። ዝኾነ ይኹን ቋንቋ ዝዛረብ ሰብ ኩሉ መንነቱ ብቱ ቋንቋ ከምዘይውሰን፡ ሎሚ ቋንቋ ሕዝቢ ኢሮብ ሳሆ ይኹን እምበር "ሳሆ" ከም መጸውዒ ስም ናይ'ዙ ሕዝቢ ጌርካ ምውሳድ ትኽክል ኣይኮነን። ምስ መበቈሉን ታሪክ ጉዕዞኡን ኣተሓሒዝካ እንክረአ (ኣከሱም-ደስኣ/ወምበርታ-ዓጋመ)፡ መሠረታዊ ቋንቋ ዓሌት ኢሮብ "ትግርኛ" ኢዩ ዝነበረ። ሎሚ'ውን እንተኾነ፡ ሕዝቢ ኢሮብ ከም ካልኣይ ቋንቋኡ ዝጥቀመሉ ትግርኛ ኢዩ።

ናይ ሙመ መጀመሪያ ቋንቋ ትግርኛ ከምዝነበረ መሓበርታ ክኾኑና ዝኽእሉ ምኽንያታት፡

- ስም ሰበይቲ ሙመ፡ "(ወ)ለተሓዋርያት" ግእዛዊ ስም ድኣ ይኹን እምበር ዝውቱር ናይ ትግርኛ ስም ኢዩ።
- ደኃር'ውን ሙመ ዘእተዋ ሰበይቲ ስማ "ኣቕሓረት" ናይ ትግርኛ ስም ኢዩ። (ንሳ ከዓ መጀመሪያ ናይ ሰንበታይ ሕጋዊት ሰበይቲ ነበረት፣ ሙመ ከእትዋ ዝኸኣለ ኃዊ ሰንበታይ ምስ ሞተ ብዋርሳ ኢዩ። እንካብኡ ከዓ ትእዛዝ ወዲ እንኮ-ለይቶ ወለደ። ዓዳ መስሓል ወደከለ ነበረ)።
- ሓነከ ብካልኦት ጓሶት ምስ ተወኽዐ ኣገልጋሊት ሙመ "ሙመ ዘያኡ ሓነከዶ ይውቃዕ?" ከምዝበለት ይዝንቶ። እዙይ ንበይኑ ብቑዕ መረዳእታ ክኸውን'ኳ እንተዘይተኽኣለ፡ ከማኡ'ውን ሎሚ ገሊኦም "ሓናከ" ዝብሉ'ኳ እንተሃለዉ፡ ምስ ናይ ወረደምሕረት መሠረትን ኣመጻጽኣን እንተገናዚብና እዙ ስም ናይ ትግርኛ ኮይኑ "ሓነከ" ክኸውን ከምዘለዎ ኢዩ ዝርዳእ።
- ሙመ ኣብ ጥቓ ዓይጋ እንክሠፍር ንቱ ዓዲ "ፅራዕ" ዝብል ስም ዝሃቦ ንዝኽሪ ዓደ'ቦኡ "ፅራዕ" ናይ ደስኣ ወምበርታ ከምዝኾነ ይንገር።
- "ካፍና ኣብ ኣፍና" ዝብል ሙመን ኣጎዋቱን ከባቢ ካፍና ምስ በጽሑ ዝተዛረብዎ ቃላት።

ሙመ ቋንቋኡ ቀየረ ድኣ'ምበር ኣይረስዓን፤ ማለት ካብ'ቶም ኣብ'ቱ ከባቢ ዝጸንሑ ሰባት ሳሆኛ ተላመደ/ተጠቕመ። ሙመ ቋንቋኡ ክልውጥ ዝኽኣለሉ ምክንያት ኣብ'ቱ ዓዲ ምስ በጽሐ፣ ከምዝበሃል "ካያይታ" ዝበሃሉ ዓሌት ስለዝጸንሕዎ ዝጥቀሙሉ ቋንቋ ከዓ ሳሆኛ